ን 2ይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ጨረታ ኤጀንሲ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእከሎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ክልል ትግራይ ፣ ኤሌክትሮኒክስ ማለት እዉን ኮምፒተርን ተዛመድትን ብክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ግልጋሎት ክገዝእ ይደሊ፡፡

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጉንበት 11, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 26, 2012 03:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 26, 2012 04:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ አቁሑትን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 በቲ ዘርፊ ናይዚ ዘመን ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ከቅርብ ዝክእል፤

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ /ቲን ሰርቲፊኬት ከቅርብ ዝክእል፤

3 ንተወሳኪ እሴት ታክስ /ቫት/ ዝተመዝገበ ኮይኑ ቫት ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ ወርሒ ለካቲት 2012ዓ/ም ቫት ዲክላሬሽን ከቅርብ ዝክእል፤

4 መቅረባይነት ዝተኸመዝገበ ምካኑ ሕጋዊ ምስክር ወረቀት ከቅርብ ዝክእል፤

5 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መመርሒ ጨረታ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 30.00 እናከፈሉ ካብ ኤጀንሲና ዳ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን 5ይ ደብሪ ካብ ዕለት 11/09/2012ዓ/ም ክሳብ 25/19/2012 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ምውሳድ ይክእሉ፤

6 ዝቐርብ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሐደ ኮፒን ንበይኑ ብሸምዒ ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ኮይኑ ኣብ ላዕሊኡ ናይ መቅረባይ ሙሉእ ሽም ናይቲ ትካል ኣድራሻ ስልኪ ቍፅሪ ናይ ምንታይ ዓይነት ጨረታ ምኻኑ ናይዚ ቤት ዕዩ ሽም ክሕብር ኣለዎ፡፡

7 ተጫረቲ ዘትሕዝዎ መክብሪ ጨረታ  5,000.00 /ሓሙሽተ ሽሕ ቅርሺ/ ብሽም ኤጀንሲ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእከሎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳሰትሪ ክልል ትግራይ ብጥሪ ገንዘብ ወይ ብCPO ናብ ዝተዳለወ ናይ ቤት ዕዩ ጨረታ ሳንዱቅ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዙ ዝክእሉ::

8 እቲ ጨረታ ዕለት 26/09/2012ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:30 ቕድሚ ቐትሪ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4:00 ቀድሚ ቐትሪ ሰዓት ኣብ ክፍለ ከተማ ሐወልቲ ፊት ን ፊት ሆቴል ፕላኔት ዝርከብ ሰናይ ዘበን ህንፃ 5ይ ኤጀንሲ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእከሎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳሰትሪ ክልል ትግራይ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ተጫረቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ዝኽፈት ኮይኑ ተጫረቲ ብዘይምርካቦም ጨረታ ምኽፋት ኣይተኣጓጎልን፡፡

9 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ዝሐወሰ ክኸዉን ኣለዎ ተዘይኾኑ ቫት ከምዝሐወሰ ርዱእ ተገይሩ ይዉሰድ፡፡

10 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን 45 መዓልቲ ይኸዉን፡፡

11 ኤጀንሲና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምሰራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

መተሓሳሰቢ ንተወሳኪ ሓበሬታ ስልኪ ቁፅሪ 0342-400009 ደዊልካ መብርሂ ምሕታት ይከኣል ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle